ርእይቶ ምኽራብ

ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

ናይ ቪክቶርያ ኦምቡድስማን መን እዩ?
ኦምቡድስማን ንሰባት ፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ከም ዝግበረሎም ንምርግጋጽ ብዛዕባ መንግስታዊ ውድባት ቪክቶርያ ዝቐረበ ቅሬታታት ዝምርምር ናጻ ውድብ እዩ። ንሕና ኣካል መንግስቲ ወይ ኣባይቲ ቪክቶርያ **ኣይኮንናን**።

መርመራና ብዛዕባ እንታይ እዩ?
ተመክሮ ናይቶም ኣብ ህዝባዊ ኣባይቲ ዝነብሩን መንግስቲ ነቲ ህንጻታት የፍርሶ ስለ ዘሎ ኣባይቲ ክግዕዙ ዘድልዮምን ሰባት ኢና ንምርምር ዘለና።

ነዚ ዚስዕብ ንርኢ ኣለና፦
- ሰባት ካብ ህዝባዊ ኣባይቲ (ብመንግስቲ ዝውነን) ናብ ናይ ማሕበረሰብ ኣባይቲ (ንመኽሰብ ብዘይሰርሑ ጉጅለታት ዝመሓደር) ክግዕዙ ኽለዉ እንታይ ከም ዘጋጥሞም
- እቲ ዝግዕዝዎ ዘለዉ ቦታ ብቑዕ እንተ ኾይኑ
- ሰባት ናብ ካልእ ቦታ ክግዕዙ 'ኣይፈል' እንተ ኢሎም እንታይ እዩ ዜጋጥም
- ዝበዝሑ ሰባት ኣብ ዝወጹሉ ህንጻ ንዝነብሩ ሰባት እንታይ የጋጥሞም
- ሆምስ ቪክቶርያ ንሰባት ብዛዕባ ምግዓዞም እንታይ ከም ዝነገሮም
- ኣረጋውያን ናብ ካልእ ቦታ ክግዕዙ ከለዉ ዘጋጥሞም ዝኾነ ይኹን ጸገም።

ኣብ ካርልተን፡ ፍለሚንግተን፡ ሰሜን መልበርን፡ ሪችመንድ፡ ሳውዝ ያራ፡ ከንሲንግተን፡ ፕራህራን፡ ሰይንት ኪልዳ ከምኡውን ኣልበርት ፓርክ ካብ ዝርከብ ህንጻታት ዝግዕዙ ዘለዉ ሰባት ዘሕለፍዎ ተመክሮታት ኢና እንርኢ ዘለና።

መንግስቲ ከፍርሶ ድሕሪ ምውሳኑ፣ ሆምስ ቪክቶርያ ኣብ ህንጻታት ህዝባዊ ኣባይቲ ንዘሎ ዝኾነ ይኹን ጸገም ብኽመይ ከም ዝሓዘን ከም ዝፈትሖን እውን ክንርኢ ኢና።

ካብ መን ክንሰምዕ ንደሊ ኢና?
ካብዚ ዝስዕብ ክንሰምዕ ንደሊ ኢና፦
- ኣብ ህንጻታት ህዝባዊ ኣባይቲ ዝነብሩ ሰባት
- ኣብ ህንጻታት ህዝባዊ ኣባይቲ ዝነብሩ ግን ናብ ካልእ ቦታ ክግዕዙ ዝነበሮም
- ኣባላት ስድራ ቤትን ፈተውቲን እቶም ተቐመጥቲ
- ንተቐማጦ ዝጣበቐ ወይ ምስኦም ዝሰርሑ ውድባት
- ምስኡ ዝተሓሓዝ ሓበሬታ ዘለወን ካልኦት ውድባት።

እንታይ ክንፈልጥ ንደሊ?
መንግስቲ ነቲ ህንጻታት ህዝባዊ ኣባይቲ የፍርሶ ስለ ዘሎ ኣብቶም ኣባይቲ ክግዕዙ ዘድልዮም ሰባት ብዛዕባ ዘለዎ ጽልዋ ክንሰምዕ ንደሊ ኢና። ከምዚ ዝስዕብ ነገራት ክንፈልጥ ንደሊ ኢና፦
- ብኽመይ ተጸሊኻ?
- ብፍትሓዊ መገዲ ተታሒዝካ ዲኻ?
- በቲ ሓድሽ ቤትካ ሕጉስ ዲኻ?
- ተወሳኺ ገንዘብ ክትከፍል ኣድልዩካ ድዩ?
- ብዛዕባ ምግዓዝ እንታይ ከም እተነግረካ ተረዲኡካዶ?
- ብዛዕባ መሰላትካ እኹል ሓበሬታ ነይሩካዶ?

ከመይ ገይረ እየ ርእይቶይ ክዛረብ ዝኽእል?
ብመርበብ ሓበሬታ፡ ብተሌፎን ወይ ብኢመይል ርእይቶኻ ኣቕርብ። ቅጥዕና ብ10 ቋንቋታት ይርከብ።
ግድን ስምካ ክትነግረና ኣየድልየካን እዩ።
ብዛዕባ ተመክሮኻ ብቋንቋኻ ክትነግረና ትኽእል ኢኻ።

- ናብ **9613 6277** ደውል (ሰኑይ-ዓርቢ ካብ ሰዓት 9 ናይ ንግሆ - 4 ድሕሪ ቀትሪ)። ናጻ ተርጓሚ ንምርካብ ናብ **131 450** ደውል
- ርእይቶ መቕረቢ ቅጥዒ፡- **ombudsman.vic.gov.au/our-impact/news/public-housing-submissions/**
- ናብ **submissions@ombudsman.vic.gov.au** ኢ-መይል ጽሓፍ

ክሳዕ 1 ለካቲት 2027 ካባኻ ክንሰምዕ ንደሊ ኢና። ኣብ ጥቓ ህንጻታት ህዝባዊ ኣባይቲ ኣብ ዝካየድ ናይ ማሕበረሰብ ኣኼባ ብኣካል ክትዘራረቡና ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ'ዚ ኣብ ቀረባ ግዜ ዝያዳ ሓበሬታ ከነካፍል ኢና።

ታሪኽይ ከካፍል ሓገዝ እንተ ደልየኽ?
ስንክልና፡ ናይ ቋንቋ ጸገም ወይ ካልእ ዘድልየካ ነገር እንተ ኣልዩካ ንገረና እሞ ታሪኽካ ንኽተካፍል ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና።

ስለምንታይ እየ ታሪኽይ ምስ ኦምቡድስማን ከካፍል ዘሎኒ?
ብዙሓት ተቐማጦ ታሪኾም ምንጋር ከም ዝደኽሙ ንፈልጥ ኢና። ታሪክካ ንዓና ኣገዳሲ እዩ፡ ብኽመይ ከም እተጸለኻን ከም እተተሓዝካን ድማ ክንርዳእ ንደሊ ኢና። እዚ ንዝኾነ ጸገም ክንረኽቦ ክሕግዘና እዩ፣ ኣብ መጻኢ ንሰባት ነገራት ፍትሓዊ ወይ ዝሓሸ ንምግባር ዜድሊ ዝኾነ ይኹን ለውጢ ድማ ይምህረና።

ኣብ መወዳእታ እቲ መርመራ እንታይ ክኸውን እዩ?
ኣብ መወዳእታ እቲ መርመራ፡ እንታይ ከም ዝረኽብናን ዝኾነ ይኹን ጸገም ንምፍታሕ ወይ ኣብ መጻኢ ንምምሕያሽ እንታይ ከም እንመክርን ዝገልጽ ጸብጻብ ክንጽሕፍ ኢና። ነቲ ጸብጻብ ንፓርላማ ቪክቶርያ ክንህቦ ኢና፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታና ድማ ከነካፍሎ ኢና።

ሓበሬታይ ብምስጢር ክዕቀብ ድዩ?
ሓበሬታኻ ምስ ናይ ብሕታውነት ፖሊሲና ብምስምማዕ ክንሕዞ ኢና። ታሪክካ ንዓና ኸም ዘካፈልካና ንሆምስ ቪክቶርያ ወይ ንካልእ ሰብ **ኣይክንነግሮን** ኢና። ስምካ ከይነገርካ እውን ሓበሬታ ክትህበና ትኽእል ኢኻ። ሓድሓደ ግዜ ኣብ ህዝባዊ ጸብጻባትና ካብ ሰባት እተወስደ ጥቕስታት ንጥቀም ኢና። ኣብዘን ጥቕስታት እዚኣተን ስማት ሰባት ኣይንጥቀምን ኢና። ርእይቶኻ ኸተቕርብ ከለኻ ሓሳብካ ክጥቀስ ትደሊ እንተ ኾንካ ክንሓትት ኢና።

ታሪኽይ እንተ ነጊረ ኣብ ሽግር ክኣቱ ድዩ?
ሆምስ ቪክቶርያ ታሪክካ እንተ ነጊርካና ብእተፈልየ መገዲ ኽሕዘካ ኣይፍቀደሉን እዩ። ብዛዕባ እዚ ትጭነቕ እንተ ኾንካ ስምካ ኽትነግረና ኣየድልየካን እዩ።

ሕጂ ሓገዝ ዘድልየኒ እንተኾይኑኽ?
ብዛዕባ ህዝባዊ ወይ ናይ ማሕበረሰብ መንበሪ ኣባይቲ ጥርዓን እንተ ኣልዩካ ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና። ብቑጽሪ ቴሌፎን **1800 806 314** ደውል። ብቋንቋኻ ንምዝርራብ ናብ ተርጓሚ ብቑጽሪ ቴለፎን **131 450** ደውል። ናይ ጥርዓን ቅጥዒ እውን ክትጥቀም ትኽእል ኢኻ።

ደገፍ ድሕንነት
ታሪኽካ ምክፋል ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ድሕንነትካ ወይ ብዛዕባ ድሕንነት ካልእ ሰብ ትጭነቕ እንተ ኾንካ ንገረና፣ ደገፍ ንኽትረክብ ክንሕግዘካ ንኽእል ኢና።

VICTORIAN ombudsman